# ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ኢኻ ትጽበ ዘሎኻ

2020-12-02

ብክፍላይ ተኪአ

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ኣርእስተይ ተሞርኲሰ ሓሳባተይ ብጽሑፍ ናብ ሕብረተ-ሰበይ ከመሓላልፍ እንከለኹ ብማጡኑ ንሕዋሳተይ ሕልናዊ ዕረፍቲ ክህበኒ እንከሎ ብካልእ ኣዘራርባ ከኣ፡ ወዲ-ሰብ ሓታትን ማእስን ርእይቶኣውን ክኸውን ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ማሰረታዊ ኣምር‘ዩ።

ዝኸበርካ ኤርትራዊ፡ ንኣርእስተይ ብመጀመርያ ምስ ረኣኻ፡ ብፍላይ ኣብቲ መሪር ሃለዋት ምስ ትህሉ ንደቓይቕ ክትሓስብን ዝን ክትብልን ኢኻ። ብርግጽ ከኣ ኣርእስተይ ጽሒፈይ ሕልና ኩሉ ኤርትራዊ ክትንክፍ ምኳኑ ጥርጥር የብለይን።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ን30 ዓመታት መሪር ቃልሲ ተቓሊስካ ሰፍ ዘይብል ማስዋእቲ ከፊልካ፡ ብቶምጆጋኑ ደቅኻን ብታክብርቲ ዋዕሮ ጓልካን፡ ታሪኽ ናይ ንሓዋሩ ነጻነትካ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዓለም ኣማስኪርካ፤ ብርእሰ-ተኣማንነት ብረፈረንዱም 99.8 እወ ንነጻነት ኣድሚጽካን ንዓለም ኣበሲርካን፡ ባንደራኻ ኣብ መንጎ ባንዴራታት ሃገራት ዓለም ኣብ ህንጻ ኣደራሽ ዓለም ኣንበልቢላ ኤርትራ ዝብል ክብሪ ኣብ ናይ መዝገብ ታሪኽ ሰፊራ።

ዝኸበርካ ኣንታ ተባዕ ኤርትራዊ፡ ኣነ ከምጸሓፍን ሓሳብ ኣቕራብን፡ ሓደ ዘይርሳዕ ወትሩ ዘተሓሳስበንን ዝጉህየንን ኩሉ ግዜ ብጽምዋ ክሓስብ እንከለኹ ሓደ ሕቶ ይመጸኒ። ስለምንታይ ንሕና ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣቲና? ንሱ ከኣ ነቲ ሓድሽ ጉዕዞ ነጻነት ከየስተማቐርካ ፖለቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ሕውየት እናጠመትካ ኣብ ኲናት ተሸሚምካ፥ መንእሰይ ወለዶ ብዳግማይ ኲናት ከሲርና። እዚ ከኣ ብዕላማን ምንዋሕ ስልጣን ዝተገብረ ድሒሩ ዝተጋህደ፡ -

1ይ - እቲ ተወዲኡ ዝነበረ ቅዋምሕጊ ግዜ ብምቕታል ከይትግበር ስልጣኑ ንምንዋሕ፤

2ይ - ደሞክራሲ ኣብ ኤርትራ ከይትከል ምርጫ ከይግበርን፤
3ይ - ፓርላማ ከይህሉ ምግባር፤

4ይ - ኩሉ ኣብ ትሕቲ ቅዋምሕጊ እታ ተሓታትነት እትብል ኣምር ዓንቀጽ ክትመጽእ ከምእትኽእል ስለ ዝፈልጥ፥ ንከይትመጽ፤

5ይ - ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ኤርትራ እታ እንኮ ብማዕርነት እትፈትሕ “ቅዋምሕጊ“ እናተጸበየ ከሎ ቅዋምሞይቱ ተባሂልካ።

ዝኸበርካ ኤርትራዊ፡ እዚ ኣበሃህላ ከምህዝብን ከምሃገርን ብጣዕሚ ዘሕፍርን ዘነውርን፥ ከም ሰብ፡ ከምኤርትራዊ እሞከኣ “ንቅዋምሕጊ ሕብረተሰብ፡ ንቅዋምሕጊ ሃገር“ እቲ ስርዓት ደፊሩ ከምዚ ኢሉ ክዛረብ ከሎ፡ ንሕና ኤርትራውያን ተማሊሰ ክሓስቦ እንከለኹ ብርግጽ ንሓስብ ኣሎናዶ? ክሳብ ሕጂኸ እንታይ‘ዩ ዘጸብየና ዘሎ ክሳብ ክንድዚ ግዜ ምውሳድ ነዚ ደቂ-ደቁ ዝበልዕ ጨካን ስርዓት።

ስማዕ ኤርትራዊ! እዚ ስርዓት ከማኻ ሰብ፡ ግን ባህሪ ናይ ሰብ ዘየብሉ፡ እሞከኣ ዝማሻማኻ ክንሱ ንሕግታትካን ማሰልካን ንማሕበራዊ ክብርታትካን ክኽልክለካን ከፍቅደልካን ከሎ ን6 ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ከሕፍርን ከነውርን ጸኒሑን ዘሎን‘ዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ ሕጂ‘ውን ደጋጊመ እንታይ ኢኻ ትጽበ ዘሎኻ ክብለካ ሕልናውን ታሪኻውን ከምኤርትራዊ ይግድደኒ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ብቐደሙልቡ ምሳኻ ኣይነበረን፡ ስለ ዝኾነ ከኣ ጥመ-ሕማም- ሙት - ዕረቕ -ሃሉ-ኣይትሃሉ ኣይግድሶን'ዩ። እዚ ዝስዕብ ኢሰብኣዊ ተግባር ን29 ዓመት ገይሩዎን ብዝኸፍአ ድማ ይቕጽሎ ኣሎን፡ ንሱ ድማ ሓደ ክልተ ኢልካ ስለ ዘይውዳእ እዚ ዝስዕብ ጥራሕ ክጠቅስ'የ፡ -

1 - ተኣሲርካ ኣብ ሕጊ ዘይትቐርበሉን፡ ኣሎኻን የሎኻን ዘይትፍለጠሉ፤

2 - እኽሊ ኣብ ድላይካ ገጠርን ከተማታትን ከትሸይጥን ከይትሸምትን ዝኽልክለካ፤

3 - ን29 ዓመታት ናይ ኩቦን ተጸባያይ ዝገብረካ፤

4 - ኤርትራውያት ኣደታት ንደቀን ከየዐንግላ ብሒቓ ዝደፍኣልካ፤

5 - ብርሃን ከይትርኢ ኣብ ጸልማት ዘንብረካ፤

6- ማይ ከይትሰቲ ብጽምኣት ጐሮሮኻ ዘንቅጸካ፤

7 - ትካላት ስራሓት ዓጽዩ ኣብ ጽርግያ ዘውዕለካ፤

8 - ማእሪርካ ሸቒጥካ ድራርካ ከይተእቱ ዝጐየካ፡ ንርብዒት እኽሊ ኣብ ብሉኮታት ዝምንጥለካ፤

9 - ሕክምና ፈውሲ ዘይትረኽበላ ሃገር ገይሩካ፤

10 - እተን ነዊሕ ዓመታት ይዕበያ ይንኣሳ ነቲ ድኻ ህዝቢ ኣብ ገጠር ይኹን ኣብ ከተማ ዝኣልያ ዝነበራ ሕክምናታት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ዓጽዩልካ፤

11 - ህዝቢ ኤርትራ ጸጋታት ሃገሩ ዘይፈልጠሉ፤

12 - ዕብየት ቁጠባ ሃገሩ ይውሓድ ይብዛሕ ዘይፈልጠሉ፤

13 - ህዝቢ ኤርትራ ን29 ዓመታት ዓመታዊ ባጀት ዘይፈልጠሉ፤

14 - ትካላት ትምህርቲ ምዕባለኡ ዘይትፈልጠሉ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ንትካላት ትምህርቲ ኣዳኺሙ ብፍላይ ንመንእሰይ ኤርትራዊ ብሓፈሻ ድማ ንሕብረተሰብ ኢርትራ ምስ ዓለሙተወዳዳራይ ከይከውን፡ ኣብ ሓንቲ ናይ ባርነት ማእከል ዝኾነት "ሳዋ" ዓጽዩ ንኣምስሉ ንህዝቢ ኤርትራ ንምድንጋር ንትምህርቲ ዘይተሟልአ ኮለጃት እሞድማብወትሃደራት ዝመሓደራ ከምኮለጅ ማይነፍሒዝኣማሳላ ገይረ ክብል እንከሎዘገርምዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርምድማ እታ ሓንቲ እንሕበነላ ኣብ ዓለምተቐባልነት ከም ዝነበራ ዘማስከረት፡ ክንደይ ኤርትራውያን ምሁራት ዘፍረየት፡ መንእሰይ ኤርትራ፡ ብሓፈሻ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ብተስፋ ንእኣ እናጠመተ ዝማሃረላ ዝነበረ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ህዝብና ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንከይጐዪ ራኢ መጻኢኡ ንከይጥምት ብመደብ ዓጸዋ። ዝገርም፡ ኣነ ከም ሓሳብ ኣቕራብን ከም ኤርትራዊ ከም ሰብ፡ ኣብ ዓለም ዝኾነት ሃገር፡ እንትርፎ ትምህርቲ ኣስፋሕፊሑ፡ ዩኒቨርሲቲ ዓጽያ ዝብል ሰሚዐ ኣይፈልጥን።

ኣብዚ ክብሎ ዝደሊ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር፡ ደቅና ኣበይ ክማሃሩ፡ ኣብ ክንዲ ዩኒቨርሲቲ ምውሳኽ ስለምንታይ እታ እንኮ ብዙሓት መንእሰያት ከተፍሪ ዝጸንሐት ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ትዕጾ ብምባል፡ ብነድሪ ክልዓል ዘይከኣለ? ሕጂ'ውን ብጣዕሚ ዘይገርመኒ፡ ደቅናኸ እንታይ ክብሉና'ዮም ዝብል ኣተሓሳስባ ክመጽእ ዘይከኣለ። ዘሕፍር ናይ ድንቁርና ስቕታ ብምውሳድና፡ ካብ ዓለምና ብኩሉ ደረጃታት ድሕሪት ተሪፍና። ኣረ እንታይ ኢኻ ትጽበ ዘሎኻ ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ? ዝኸበርካ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሕጂ ዳግማይ ታሪኽ ስራሕ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጐረባብትና ኣብ 28 ዓመት ኣበየናይ ደረጃ ትምህርቲ በጺሖም፡ በቲ ዘለዎም ዓቕሚ ትካላት ትምህርቲ ቀዳምነት ሂቦም፡ ካብ ዝተሓተ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ኮለጃትን ዩኒቨርሲቲታትን ገይሮም፡ ብዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ሰሪዖም ብሰርቲፊከይት፡ ዲግሪ፡ ዲፕሎም፡ ማስተርን ዶክተሬትን ከሚርቑ ንርኢ ኣሎና። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተሰዲዶም ዝኸዱ ኤርትራውያን ይውሓዱ ይብዝሑ ናይ ትምህርቲ ዕድል ተዋሂቡዎም ብዝለዓለ ደረጃ ክምሮቑ ሰሚዕናን ርኢናን ኣሎና። ኣነ ከምጸሓፍን ሓሳብ ኣቕራብን ምስ ጋናይ ወሰን የብሉን።

ዝኸበርካ ኤርትራዊ፡ ስደት ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ወለዶ ኤርትራ መወዳድርቲ ዘይብሉ፡ ኣብ ዓለምተራእዩ ዘይፈልጥ ኣብ መዝገብ ዓለም ፍልሰት ኣህዛብ ደቂ-ሰባት ቀዳማይ ደረጃ ሒዙ ይርካብ፡ የሕዝን። ዝኸበርካ ኤርትራዊ፡ ጉዕዞ ስደት መንእሰይ ኤርትራ ሓደ ክልተ ኢለ ብከፊል ክጠቕሶ እንከለኹእዚ ዝስዕብ ይመስል፡ -

1ይ - ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ዶብ ተሜልከተለይ ብጥይት፤

2ይ - ኣብ መገዲ ጭውያን፡ መግረፍትን፤

3ይ - ሞት ምድረ-በዳን ባሕርን፤

4ይ - ውሽጣዊ ኣካላት መንእሰይ ኩላሊትን ካልእን ኣውጺእካ ምሻጥ፤

5ይ - ዓመጽ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ መጀመርያ ጉዕዞ ክሳብ መወዳእታ፤

6ይ - ብእምነትካ ክሳብ ክሳድ ምቕራጽ ዘስካሕክሕ ጭካነ።

ኣነ ከምጸሓፋይ ነታ ቀጽሪ 6 ዘላ ኣብ ጽሑፈይ ከስፍራ እንከለኹን ብዓት ይስዕረኒ፡ እንታይሞ ይግበር። ካብዚ ቀጺለ ጥፍኣት ላምፓዱሳ 365 መንእሰያት ኤርትራውያን ንዓለም ዘሰንበደን ዘብከየን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ጸላም መዓልቲ ኣብ ታሪኽ መዝገብ ኤርትራዊ ዘይርሳዕ እዩ። ኣብዚ እቲ ዘገርም፡ እቲ ጨካን ስርዓት ኣፍሪቃውያን'ዮም ክብል ተሰሚዑ። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስቕታኻ ዓለም ገሪመዋ እንታይ ኢኻ ትጽበ ዘሎኻ ድሕሪ ክሕደት እዚ ጨካን ስርዓት። ኣብዚ ከስፍሮ ዝደሊ፡ ናይ ካቶሊክ ጳጳሳት እናነብዑ ዕምባባ ከንብሩሎም፡ ኣብቲ ባሕሪ ዕምባባ ጸምብለል ክብልን፡ ጸሎቶም እናነብዑ ከብጽሑ እንከለዉ ንብዓት ኤርትራዊ ብነድሪ ተኻዕዉ። ካልኦት ሃይማኖታት በብናቶም ጸሎትን ፍትሓትን ኣብጽሑ። እቲ ጨካን ስርዓት ምስቶም ውሑዳት ሰዓብቱ ክለሃይ (ክስዕስዕ) ወዓለ። ድሕሪ'ዚ ክሳብ ሕጂ ኤርትራዊ እንታይ ኢኻ ትጽበ ዘሎኻ።

ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ኣይናትካን ምኳኑ ደጋጊሙ ጊሩካ ምኳኑ ዓሰርተታት ዓመታት ዘቖጸረ ክንሱ እንታይ ኢኻ ትጽበ ዘሎኻ? እዚ ስርዓት'ዚ ብተኣምር ክድሕን ስለ ዘይክእል ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቁላ እዩ ዕላምኡ። ሕጂ ከኣ ኣብ ዘይምልከተና መንእሰይ ደቅና ኤርትራውያን ኣብ ኲናት ጠቢሱዎም ብወትሃደራት ኢትዮጵያ እናተኸብከቡ ኣብ ሓዊ ኣትዮም ኣለዉ። ኤርትራዊ እንታይ ኢኻ ትጽበ ዘሎኻ? ደቅኻ ብስቕታኻ ንሞት ፈሪድካዮም፡ ደፊርካ ኣይትበሉኒ ብርግጽ ህዝቢ ኤርትራ ንሓስብዶ ኣሎና? ዝኸበርካ ኣቦ-ኣደ-ሓውሓብቲ ብምሉኡ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ፡ ማስዋእቲ ከፊልካ ሕጂ ነቲ ኲናት እምቢ ኢልካ፡ ነዚ ጨካን ስርዓት ካብ ሱሩ ደርብዮ። ህዝቢ ኤርትራ፡ እዚ ውሳነየ እንተዘይገበርካ፡ ጽባሕ ንግሆ ክልተ ሞት ክኸውን'ዩ። እቲ ኤርትራዊ መንነት እቲ ትምክሕቲ ኤርትራዊ ጀግንነት፡ ማስዋእቲ ነጻነት ነበርያ-ነበረይ ከይከውን፡ ኣስተውዕል ኤርትራዊ እብለካ ኣለኹ።